الحركة الشعبية الإرترية

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

Eritrean People's Movement

## ደምዳሚ ኣዋጅ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

ማእከላይ ባይቶ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ 3ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ካብ 20 ክሳብ 21 ታሕሳስ 2009 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣካይዱ። ኣኼባ፡ ጸብጻባት ኣቦ መንበርን ናይ ነፍሲ ወከፍ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ድሕሪ ምስማዕን፡ ዕቱብ ክትዓት ብምክያድን ጸብጻባት ኣጽዲቑ። ብፍላይ ድማ፡ ኣብ መንጎ ሰለስተ ኣሓት ፖለቲካዊ ውዱባት፡ ማለት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን፡ ዝተኻየደ ሓድነታዊ መስርሕ ብደቂቕ ገምጊሙ። ማእከላይ ባይቶ፡ ዓሚ ሕዳር 2008 ብጉዳይ ሓድነት ብዝምልከት፥ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣብቲ ዘድሊ መዕለቢ ንኸብጽሖ መዚዝዎ ስለዝነበረ፡ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዝተዋህቦ ተልእኾ ብእምነትን ተወፋይነትን ከምዝሰርሐ ኣስሚሩሉ። ብተወሳኺ ኩሎም መራሕትን ኣባላትን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ ዝቐዉም ዘሎ ሓድሽ ሰልፊ ድሌትን ሃንቀዉታን ህዝቢ ኤርትራ ከምዘማልእ ጥርጥር ከምዘይብሎም ኣኼባ መዚኑ።

ማእከላይ ባይቶ፡ ካልእ ብዕቱብ ዝርኣዮም ጉዳያት፡ ኩነታት ህግደፍን ኤርትራዊ ደምበ ተቓዉሞን'ዩ ኔሩ። ህግደፍ ብዝምልከት ሕማም ካንሰር ሃገርና ምኻኑ፡ ህዝብና ከም ህዝቢ ክቐጽል እንተኾይኑ እቲ ሕማም ክዉገድ ከም ዘለዎ፡ ማእከላይ ባይቶ ተገንዚቡ። እዚ ሕማም'ዚ ዘየላቡ ብምኻኑ ድማ፡ ኤርትራዊ ደምበ ተቓዉሞ፡ ኣብ ዘይጠቕሙ ጉዳያት ከየድሃበ፡ ነዚ ሕማም ከወግድ ዓቕምታቱ ከወሃህድን ተኣማሚኑ ክሰርሕን ከምዘለዎ ማእከላይ ባይቶ ኣስሚሩሉ።

ዓወት ወይ ሞት!

ማእከላይ ባይቶ

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

21 ታሕሳስ 2009

ኣዲስ ኣበባ